# ብዛዕባ ምድንድናን(mobbing) ምሕባር

**ሓደ ቆልዓ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ወይ ቤት-ትምህርቲ እንተደኣ ዘይጥዒሙዎ ግድን ይድንደን ኣሎ ማለት ኣይኮነን። ኮይኑ ከብቕዕ ብዛዕባ ሻቕሎትካ ክትሕብር ኣለካ።**

ኩሎም ኣብ መዋእለ-ህጻናት፡ቤት-ትምህርትን ንጥፈታት ትርፊ-ግዜን ምስ ቆልዑ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ሓደ ቆልዓ ዋሕስነት የብሉን ከምኡ ውን ኣይጠዓሞን ኣሎ ዝብል ጥርጣረ እንተደኣ ሃልዩዎም ወይ ፈሊጦም ክከታተሉ፡ኢዶም ከእትዉን ክሕብሩን ግዴታ ኣሎዎም።

ኣለይትን ሰራሕተኛታትን ብሓባር ኮይኖም እቲ ሻቕሎት እንታይ ከምዝኾነ ይፈልጡዎ፡ ከምኡውን ሰራሕተኛታት ነቲ ሻቕሎት ይሰምዑዎ፡ የጻርዩዎን ስጉምትታት ምትእትታው ኣድላይነቱ ይግምግሙዎን እዮም።

መዓስ ኢኻ ክትሕብር ዘለካ፧

ብዙሓት ወለዲ መዓስ ክሕብሩ ከምዘለዎም የጠራጥሮም እዩ። ግድን ብቕጥታ ተደንዲኑ ወይ ተዳሂሉ ክኸውን ኣሎዎ ማለት ኣይኮነን፡ ከምኡ ውን ግድን "ጭብጥታት" ክህልወካ ኣሎዎ ማለት ኣይኮነን። ውላድካ ጥዒሙዎ ከምዘየለ ምፍላጥ ንበይኑ ኣኻሊ እዩ። ናይቲ ቆልዓ ናይ ገዛእ ርእሱ ስምዒታት እዩ ዝለዓለ ሚዛን ዝወሃቦ።

ብኸመይ ኢኻ ትሕብር
ምስ ሰራሕተኛታት ወይ ኣማሓዳሪ መዋእለ-ህጻናት-ወይ መምሃራን፡ሰራሕተኛታት እስአፉን ዳይረክተር ቤት-ትምህርትን ብምዝርራብ ብኣፍ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። ብጽሑፍ ንመዋእለ-ህጻናት ወይ ቤት-ትምህርቲ ውን ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። ብኣፍ ሓብር ብጽሑፍ ብዘየገድስ መዋእለ-ህጻናትን ቤት-ትምህርትን ነቲ ዝመጾም ሓበሬታ ከጻርዩዎ ግዴታ ኣሎዎም።

ብዛዕባ ዘይውሑስ ሃዋሁው ቤት-ትምህርቲ ዝምላእ መወከሲ ፎርም. (እዚ ውን ብብዙሕ ቋንቋታት ክጸሓፍ ይግብኦ እዩ ኢለ ይሓስብ። )

ጥርጣረ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ጉዳይ ከምዝኽፈት

እቲ ቆልዓ ባዕሉ፡ኣለይቲ ወይ ሰራሕተኛታት ምስ ሓበሩ መዋእለ-ህጻናት ወይ ቤት-ትምህርቲ ሓደ ቆልዓ ኣይጠዓሞን ኣሎ ዝብል ጥርጣረ ምስ ኣሕደሩ ብቕጥታ ጉዳይ ይኸፍቱ። እቲ ቆልዓ፡ኣለይቱን ካልኦት ኢድ ዘለዎም ሰባትን ክስምዑ መሰል ኣለዎም።

ምጽራያት ምጅማር

መጀመርታ መዋእለ-ህጻናት ወይ ቤት-ትምህርቲ ትዕዝብታት የካይዱን ብዛዕባ እቲ ኩነታት ሓበሬታ ይእክቡን። እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ክጋጥሙ ከለዉ ዳይረክተር ወይ ኣማሓዳሪ ንበርገን ኮሙነ ክሕብር ኣሎዎ:

- እቲ ቆልዓ ንነኣጽ ዝተቓለዐ እንተደኣ ኮይኑ
- ሰራሕተኛታት ቤት-ትምህርቲ ወይ መዋእለ-ህጻናት ኢድ እንተደኣ ሃልዩዎም
- ብዙሓት ቆልዑ ንሓደ ቆልዓ ይድንድኑዎ እንተደኣ ሃልዮም ኮይኖም

- ካብን ናብን ቤት-ትምህርታት ብኣለክትሮኒካዊ ኣገባብ ምድንዳን ይካየድ እንተደኣ ሃልዩ ኮይኑ

እቲ ጉዳይ ኣብ ብሕታዊ ቤት-ትምህርቲ ወይ መዋእለ-ህጻናት እንተደኣ ኣጋጢሙ ድማ ዋና ክሕበር ኣሎዎ።

ዝምረጹ ስጉምትታት

መዋእለ-ህጻናት ወይ ቤት-ትምህርቲ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ሓበሬታ ምስ ኣከቡ ዝተኣታተዉ ስጉምትታት ዝሓዘለ ውጥን ክሕንጽጹ ኣለዎም። እቲ ውጥን ብጽሑፍ ክቐርብ ኣሎዎ ምእንታን ንስኻን ውላድካን እንታይ ይግበር ከምዘሎ ክትፈልጡ።

እቲ ውጥን እዚ ዝስዕብ ዝሓዘለ ክኸውን ኣሎዎ:

- ኣየናይ ሽግር ክፍታሕ ከምዘለዎ
- ኣየኖት ስጉምትታት ተመዲቦም ከምዘለዉ
- እቶም ስጉምትታት መዓስ ክፍጸሙ ከምዝኾኑ
- ንኽፍጸም መን ሓላፍነት ከምዝስከም
- ኣድማዕነት ናይቶም ስጉምትታት መዓስ ክግምገም ከምዝኾነ

ኣማሓዳሪ ወይ ዳይረክተር እንታይ ይግበር ከምዘሎ ብሰነድ ክስንዱዎ ኣለዎም። እቲ ቆልዓ ሃዋሁው መዋእለ-ህጻናት ወይ ቤት-ትምህርቲ ውሑስን ምእሙእን ኮይኑ ክሳብ ዘይተሰመዖ እቲ ጉዳይ ኣይዕጾን እዩ።

ሕጋዊ ዓንቀጻት

ሕጊ መዋእለ-ህጻናትን ሕጊ ምህሮን ከምዝብሎ መዋእለ-ህጻናትን ቤት-ትምህርታትን ውሑስን ሓቛፍን ዝኾነ ሃዋሁው ኣተዓባብያ ክምስርታ ግዴታ ኣለወን ።

ሕጊ ምህሮ ምዕራፍ 9A ቤት-ትምህርታት ገለ ክገብራ የገድደን እዩ። ተመሳሳሊ ሕጊ ንመዋእለ-ህጻናት ጸዲቑ ኣሎ፡ እዚ ከኣ ካብ ጥሪ 2021 ሕጋውነት ለቢሱ ተግባራዊ ክኸውን እዩ።